24 መጋቢት 2010

**ኤርትራዊያን ኣብ ስኮትላንድ መኸተኦም የሐይሉ!**

ኣብ ስኮትላንድ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብዕለት 19 መጋቢት 2010 ኣብ ግላስጎው ኣብ ዘካየዱዎ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፡ ብስም ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ብይን እገዳ ብምኹናን ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ደው ብምባል ንሃገራዊ ድሕነት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር መኸተ፡ ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ምስ ክውንነት ዝጻረር ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ህሉው ኩነታት ሃገርና፡ ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ ብድሆታትን መጻኢ መደባትን መንግስቲ ኤርትራ ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪቡ። ኣብ ሕቡራት ንግስነት ተሓንጺጹ ምስዘሎ መደባት ጥሙር መኸተ ብምዝማድ ከኣ ኣብ ስኮትላንድ ሓድነት ንምድልዳል፡ ማሕበረ ኮም ኤርትራዊያን ንምሕያል፡ ምንቕስቓስ ቆልዑ፡ መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮን መርበባት ስድራቤትን ምምስራት ከም እዋናዊ ሕቶ ተወሲዱ ምህላዉ ሓቢሩ። ብተወሳኺ መኸተ ንእገዳ፡ መኸተ ንምሕያል ሃገራዊ ዓቕሚ ስለዝኾነ ኣበርክቶኦም ኣብ ምሕያል ቁጠባ ሃገር ከዛይዱ ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር ኣብ መግለጺኡ ኣብ ጀኔቫን ካልእ ከተማታት ዓለምን ዘተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ ዘይተንበርኻካነትን ሓድነትን ኤርትራዊያን ንዓለም ዘቓልሐ ሓያል ድምጺ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ናእድኡ ኣቕሪቡ። ኣዕሩኽ ኤርትራ ኣብ ስኮትላንድ ኣብ ጀነቫ ዘርኣይዎ ተሳትፎን፡ ኣብ ምፍራም ፐቲሽን ስኮትላንሳዊያን ንምስታፍ ዝተኻየደ ጎስጓስን ውጽኢታዊ ምንባሩ ድማ ሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ ብተሳተፍቲ ዝቐረበ ዝተፈላለየ ሕቶታት መሊሱ። ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ሰሚናር ወ/ሮ መርየም ያሲን ኣገዳስነት ኣኼባን ምሕያል ማሕበረ ኮምን ዝጠቕስ መኽፈቲ ኣቕሪባ። ንህዝባዊ ጉዳያት ዝምልከት ዝተፈላለየ ሓበሬታታት'ውን ብሓላፊት ህዝባዊ ጉዳያት ወ/ሮ ሓረጉ ተስፋማሪያም ተዋሂቡ።

እቲ ሰሚናር ብውዕዉዕ መንፈስን ኤርትራዊ ወንን ቅድሚ ምዝዛሙ ከኣ፡ ምንቕስቓስ መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮን ቆልዑን ንምብጋስ ስጉምትታትት ኪውሰድ ብምውሳን፡ ንጽባሒቱ ዕለት 20 መጋቢት ፍሉይ ኣኼባ መንእሰያት ኪካየድ፡ ብመንገዲ ኣባል ኣካያዲት ኣካል ሃማደኤ ዞባ ኤወሮጳ ወሮ መርየም ያሲን ድማ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኪምስረትን፡ ብመንእሰያት ዝእለ ኣብ ክልተ ደረጃታት ዝተኸፍለ ምንቕስቓስ ቆልዑ (ካብ 7 ክሳብ 14 ዓመት ዕድመ) ድማ ኪውደብ መደምምደታ ተበጺሑ።

ብመሰረት ኣኼባ 20 መጋቢት ኣምባሳደር ተስፋሚካኤልን ሓላፊት ህዝባዊ ጉዳያት ወ/ሮ ሓረጉ ን ዝተረኽብሉ ኣስታት 35 መንእሰያት ኣብ ዝተሳተፍዎ ፍሉይ ኣኼባ ንምንቕስቓስ መንእሰያት ተኻይዱ። ዘተ ድሕሪ ምክያድ ድማ ሽውዓተ ዝኣባላታ ግዚያዊት ሽማግለ መሪጾም። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ መደባት ሓንጺጾም ንጥፈታቶም ከስፍሑ ድማ ወሲኖም። ብተወሳኺ ብስም ሰማእታት ኤርትራ ዝግረብ ብምምሕዳር ከተማ ኤደንብራ ፍሉይ ቦታ ንኤርትራዊ ማሕበረ ሰብ ተፈቒዱ ስለዘሎ፡ ቆልዑን መንእሰያትን ብፍላይ ብዝለዓለ ኪሳተፉዎ ወሲኖም።

***Embassy Media Working Group (EMWG)***